# ኣቦ መንበር ጉንበት 7 ዶ/ር ብርሃኑ ነጋ ምስ ማዕከን ዜና ሮይተርስ ካብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ

*ሳላ መንግስቲ ኤርትራ ዝገበረልና ወተሃደራዊ፡ ገንዘባውን ዲፕሎማስያውን ደገፍ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሓድሽ ምዕራፍ ክንከፍት ክኢልና ኣለና ይብል ዶክቶር ብርሃኑ ነጋ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ 'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ሕዳር 2018 ምስ ኣህጉራዊ ማዕከን ዜና ሮይተርስ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ።*

*ንሱ መንግስቲ ኤርትራ እንተዘየዕቁበና፡ እንተዘየዕጥቐና ኔይሩ እዚ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ኣይምመጽኣን ነይሩ። ኣነ ሳለ መንግስቲ ኤርትራ ዝገብረለይ ዝነበረ ደገፍ ብዙሕ ውጽኢታዊ ዝኾነ ስራሕ ሰሪሐ'የ። ዲፕሎማት ፓስፖርተይ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተዋህበኒ'ዩ። ሳልኡ ከም ቃሕታይ ክንቀሳቐስ ክኢለ። ኢትዮጵያውያን ኣብ ዘለውዎ ከይደ ክጉስጉስ ከነቓቕሕ ኣኽኢሉኒ።*

*ሮይተርስ፡ ከም ምንቅስቓስ ጉንበት 7 ከመይ ዝበለ'ዩ?*

*ብርሃኑ ነጋ፡ ግንቦት 7 ድልውነት ንሰላም ኣለዎ። ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ደሞክራስያዊ ግንባር (ኢህውደግ) ኣላሽ ድሕሪ ምባሉ ናይ ሰላም ጻውዒት ኣቕሪቡ። ንሕና ድማ ቀልጢፍና ተኹሲ ደው ኣቢልና ነቲ ጻውዒት ተቐቢልና ኣቲና።*

*ሮይተርስ፡ ንህይውተካ ትሰግእ'ዶ?*

*ብርሃኑ ነጋ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጠንቂቐ ክንቀሳቐስ ከም ዘለኒ ይርደኣኒ'ዩ። ዋላ ካብ ኣካላት መንግስቲ'ውን ንድሕነተይ ክጥንቀቕ ከም ዘለኒ'ዮም ዝመኽሩኒ። ቅድም ክብል ኣብ እንዳ ካፌታት ምዝንጋዕ የዘውትር ኔረ። ሎሚ ግን ኣየምስን'የ።*

*ሮይተርስ፡ መጻኢ ኣመታትካ ኣብ'ዛ ምርግጋእ ሓሪምዋ ዘሎ ኢትዮጵያ ከመይ'ዩ?*

*ብርሃኑ ነጋ፡ መጻኢ ዕድል ኢትዮጵያ ብልዑል ጥንቃቓቕ ከተሓዝ ዘለዎ ጉዳይ ኮይኑ ይረኣየኒ። እዛ ሃገር ሕጂ ዘላቶ ኩነታት ባህ ዘብል ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ኮነ ቁጠባዊ ኩነታታ ዘዛኒ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ሓያል ሻቕሎት ዝፈጥር'ዩ። ነዚ ንምልዋጥ ንምዕራይ ድማ ሰለም ከየበልና ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ቅድሚና ማለት ኣብ 2020 ሃገራዊ ምርጫ ኣሎ። ኣብኡ ንምብጻሕ ከይተሓለልና ክንሰርሕ ኢና።*

*ተተርጎመ ሕዳር 2018*

*ብዓ/ኢ*

*ድ.ሰ.ደ.ኤ.*